

**ሃበሬታ ንምርካብ**

ጸባ ኣደ ንህጻን ካብዝውለደሉ ጊዜ ጀሚሩ ንምምጋብ ተፈጥሮኣዊ መንገዲ እዩ።ኩሎም ወለዲ ንውላዶም ዝኸውን ምግቢ ንምምራጽ መሰል ኣለዎም።ካብ መጀመርታ አዋርህ ናይ ጥንሲ ጊዜ ሰራሕተኛታትና ብውልቂ፣ብጽምዲ ወይ ከኣ ብእኩብ ትክክል ዝኮነ ምርጫ ንክወስዳ ኣገዳሲ ሐበሬታ ይህቡ።



**ብበአል ሞያዉያን ዝተደገፈ**

ናይዚ ትካል ሰራህተኛታት ኩሎም ብጽምዲ ይኩን ብስድራ ጸባ ኣደ ኣመጋገባ ዝምልከት ዕጉብ ሃበሬታ ንክህቡ ዝተማሃሩ እዮም።



**ብትፈጥሮኣዊ መንገዲ ምውላድ**

እዚ ትካል ብተፈትሮኣዊ መንገዲ ንዝወልዳ ኣዴታት ዘተባብዕ እዩ። ብተወሳኺ ጸባ ኣደ ንዝምግባ ኣደታት ዝድግፍ እዩ። ዝኮነት ኣደ ኣብ ናይ ምውላድ(ህርሲ)ጊዜ ቃንዛ ንክቅንሰላ ብ እግራ ንክትቀሳቀስ፣ዝደለየቶ ቦታ ንክትመርጽ ፣ማይ ንክትሰትይ ፣ፉኹስ(ቀሊል)ምግቢ ንክትበልዕ፣ ኣብ ጥቃዓ ድማ ናይ ቀረባ ቤተሰባ ወይ እሙን መሃዛዓ ንክህልዉ ክንገብር ኢና።



**ምስ ወለደት (ሃረሰት) ብቁልቱፍ ብሐንሳብ ምኻን**

ዝኮነት ወላዲት ህጻን ኣብተወለደሉ ግዜ ብቀጥታ ምስ ውላዳ ተራኺባ ኣብ ሕቑፋ ከምዝኸውን ንገብር።



**ብተፈጥሮኣዊ መንገዲ ጻባ ኣደ ምምጋብ**

ኣብ ናትና ኣገልግሎት ዝኮነት ወላዲት ብቀትታ ንውላዳ ጻባ ኣደ ንክትምግብ ኩሉ ደገፍ ይሕብ።

ስራሕተኛታትና ነታ ኣደ ብዘይ ዝኮነ ኣርቴፊሻል ጻባ ፣ ጡጦ ከይተጠቀመት ብቀጥታ ጻባ ኣደ ከመይ ጌራ ከምተመግቦ ሙሉእ ሐበሬታ ይሕብ።



**ኩል ጊዜ ብሐንሳብ ምኻን**

እታ ኣደ ኣብ ህክምና ስጋብ ዘላ ውላዳ ኣብ ጥቃዓ ክትገብሮ ትክእል ኢያ፡ ምክንያቱ ኣብ ዝኮነ ምንቅስቃሳቱ ናይ ጥምየት ምልክት ክርእይ ከሎ እንታይ ከምዝደለየ ፈሊታ ቀልጢፋ መልስ ንምሃብ ትምሕርቲ ይህባ።



**ጻባ ኣደ እንተዋሐደ ን ሽድሽተ ወርሒ**

ጻባ ኣደ አንተዋሐደ ስጋብ ሽድሽተ ወርሒ ዝመልዕ ምምጋብ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ወርሒ ነቲ ህጻን ዝኮነ ይኹን ዓይነት ምግቢ ወይ ፈሳሲ መሐብ ኣድላይ ኣይኮነን ምክንያቱም ጻባ ኣደ እኹል ዝተመጣጠነ ምግቢ እዩ፡ ናይታ ኣደን ውላድን ድልየት እንተኰይኑ እት ህጻን ስጋብ ክልተ ዓመት ወይ ንላዕሊ ጻባ ኣደ ምምጋብ ክቕጽል ይክእል እዩ።




**ጻባ ኣደ ንዝምግባ ኣጼታት ምቅባል**

ትካልና ጻባ ኣደ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ኢሉ ስለዝኣምን ጻባ ኣደ ንዝምግባ ኣዴታት ተቀቢሉ የተባብዕ።ብተወሳኺ ድማ ኣብ ዝኮነ ትካልና ዝርከበሉ ነቲ ህጻን ጻባ ኣደ ተመግበሉ ቦታ የዳሉ።



**ብኸመይ ሐገዝ ክትረክብ ትክዕል**

እታ ኣደ ሕጻን ኣብ ትምግበሉ ጊዜ ብበዓል ሞያውያን፣ ብማህበር ኣዴታት ወይ ከኣ ብዝተፈላለዩ ማህበራት ተራኺባ ውላዳ ብከመይ ምንክብካብ ትክእለሉ መንገዲ ሙሉእ ሐበሬታ ይሕብ።